ካብ-------------------------------------------------------------------------------------------ናብ





## 50 ዓመታት ኣብ ቃልሲ ንራህዋ ህዝቢ

## ጌና ከኣ ይምርሽ።

ሕድሪ ሰማእታት ዘይጠልም። ንኣሚኖም ዝተቓለሱሉን ዝደመዩል ተሰውእሉ ዓላማ ግቡእ መልሲ ክረክብ ምስቶም ለይትን መዓልትን ሃገር ዝሃንጹ ዘልዉ ምክልኻል ሓይልታትን ውፉይ ሓፋሽ ህዝብን ተሰሪዑ ዝቃለስ፡ ብሓቂ ተቓላሳይ። ወይ ኣፍና ንሓዝ ወይ ንኺድ ምስኦም ንጉዓዝ። ዘሎናዮ ዘመን ናይ ስራሕ ዳንበር ናይ ሃገር ምርማስ ኣይኮነን። ኣማዕዲኻ ዝኾነን ዘይኮነን ፍረ ኣልቦ ዓጀውጀው ምባል ዘመን ዘፍቅዶ ኣይኮነን። ሰረቕቲ ዘይሳማምዕሉ ምኽንያት የብሎምን። ምኽንያቱ ባህሪያቶም ስለ ዝኾነ፡ ሕጊ ጸላኢቶም ስለ ዝኾነት ጸረኣ ደው ክብሉ ባህርያቶም'ዩ። እቲ ዘገርም ነገር እንተሎ ሰዓብቶም'ዩ። ርኡይ ዕንወት እናውረዱ ከለዉ፡ ነቶም ርኡይ ዓወት ዘመዝግቡ ዘለዉ ምውንጃል። በዓል ኲፉእ ዝኾዓታ ጉድጓድ ባዕሉ ኣትዋ። እዞም ናይ ክፍኣት ሃዋርያት እዚ ቢሂል'ዚ ከም ዝበጽሖም ዘጣራጥር ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ብርግጽ ጉድለታት ኣሎ፤ እቲ ጉድለታት በቶም ሓኪሎም ጉድለታት ክድምሩን ከጉዱሉን፡ ከርብሑን ክመቕሉን ዝውዕሉን ዝሓድሩን ናይ ሓንጎል ጨኑቓት ዝፍጠር ዘሎ'ዩ።

ተጸሚዱ ኣብ ስራሕ ኣብ ዓዲ ሃሎ፡

ወፍሪ ከሰላስል ምስ ዋርሳይ ይከኣሎ፡

ኣብ ዓለም መን መራሒ ኮምኡ ኣሎ።

ሓምሳ ዓመታት ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ፡

ኣብ ፍረ ከብጽሕ ተተኺለ ፈልሲ።











# ዲጋ ዓዲ ሃሎ።

# ሕላገት ጽንዓት ትማልን ሎምን ኣብ ቦትኣ ኣላ።





-----------ካብ ተኽሊ ክሳብ ፍረ መትከሉ ዘይቀየረ-------------



ንነጻነት ሃገርን ራህዋ ህዝብን ኣብቲ ኣጻምእ በረኽታት ኤርትራ፡ ምስ ጽሙእ ነብሲ ጥሙይ ከብዲ ሃሩር ቀትሪ ቁሪ ለይቲ ዕሩቕ ዝባን ኣብ ትንፋስ ዘይህብ ተሪር መድረኽ።

ሕጂ'ውን ነብሲ ከም ቀደሙ ጣዕሚ ኣይመረጸን። ከይሰራሕካ ምብላዕ ንዑኡ ምጽባይ ትኳቦ'ዩ። ርእሰ ሙርኮሳ መትከሉ ይጎዓዝ ኣሎ ከየዕረፉ ማሓውሩ።

## <u>መን ኮን እኸውን ነዚ ዝኽሕድ?</u>





<u>ሹም ንህቢ</u>፡ መን'ዩ ክንጽሎ ዝሓስብ ካብ ህዝቢ ። ምስ ዓበይቲ ምስ ህጻውንቲ፣ ንሶም ዝበልዑዎ ዝበልዕ፣ ዝሰተይዎ ዝሰቲ። ብሓቂ ሹም ንህቢ ማዓር ኣፍረይቲ።



<u>እሂን ምሂን</u>፡ ባሕሪ ሰጊሩ ሰማይ ሰንጢቑ ፡ ኒው ዮርክ ደበኽ ምስበለ፡ ኤርትራዊ ካብ ኩሉ ከተማታት ሕቡራት ኣሜርሪካን ካናዳን፡ ንገለ መዓልታት ንገለ ከኣ ሳዓታት ዝወሰደ ጉዕዞ ተጓዒዙ እንቋዕ ብደሓን መጻእካ ዝብል ዓለም ዘደነቐ ሰላምትኡ ንፕረስደንት እሰያስ ኣቕረበ። ቃል ፕረስደንት ኢሰያስ " ሎሚ ገጽ ንገጽ ክንረኣኤን ፡ ካባኹም ሓሳባትን ርእይቶታን ክሰንቕ ድእንበር፤ እዝን እትን ግበሩ" ክብል ኣይመጻእኩን። ምኽንያቱ ንስኹም ዘይገበርኩሞ ነገር ስለ ዘየለ። ብዝሒ ህዝቢ ካብ ዓቅሚ ኣደራሽ ንላዕሊ ስለ ዝነበረ፡ ክንድቲ ኣብውሽጢ ዝነበረ ኣብ ደገ ኔይሪ። ክሳብ ኣኸባ ዝውዳእን ፕረሲደንት ዝፋኖን ብኤርትራዊ ወኒ ብሰላም የእቱኻ ኢሉ ኣፋንዩዎ። ኣብ ታሪኽ ኣሜርካ ናይ ወጻኢ መራሒ መጺኡ ክንድዚ ብዝሒ ህዝቢ ዝተቐበሎ ፕረስደንት እሰያስ ጥራሕ እዩ። ገለ መራሕቲ ካ እሞ መጺኡ ከተባህለ ተመሊሱ እዩ ዝበሃል። <u>ካብ ሚልዮናት ቃላት ሓደ ስእሊ" ።</u> ንዓለም ብሩህ መልእኽቲ ዘተሓላለፈት መዓልቲ።



**ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ብዓብላልነት ኣሜርካ እንተድኣ ቀጺሉ፡ ዓለም ኣብ ዝገደደ ሽግር ከትኣቱ'ያ፣ ፕረሲደንት እሰያስ ኣብ ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት ዘሰምዖ መደረ። ብድሕሪኡ ዓለማና ካብ ዝነበረቶ ብዝቐልጠፈን ናብ ዝገደደን ሽግራት ተሸሚማ ንረኽባ። ካብ ብዙሕ ገለ ኣብነት፡ ኩነታት ሊብያ፡ ግብጺ፡ ዒራቕ፡ ሶርያ፡ የመን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ቱኒዝያ፡ ባህረይን ኣብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪቃ ወዘተ. . . ዝጀመረ ዕንወታት ንርኢ።**



**ኣቦ ተስፋ ኩሉ ውሉዱ። ሃገር ብነብሳ ክትሓድር፡ መንእሰያትና ፍልጠት ቀሲሞም ወነንቲ ክብሪ ክኾነ መኣዲ ትምህርቲ ንኹሉ ብነጻ።**



**ቆርበት ብርሑሱ፡ ቆልዓ ብንእሱ። እንሆ ኣብ ሃገርና ኣብ ኩሉ ቦታታት ትምህርቲ ተዋዲዱ ከምቲ ቀደም ዝተደርፈ "ደቂ ዓድና ኩሎም ነጊሶም'የ ባዓል ጎባይ መንዩ ዝሓርሶም'የ።**



**ማህይምነት ኣብ ሃገርና ነበረ ክትከውን እንታይ ተሪፉዋ። ትምህርቲ ንዓበይቲ መሰረታዊ ለውጢ ሕብረተሰብ።**



**ክትደፍእን ክድፋእን ኣብ መስርሕ ቃልሲ ልሙድ እዩ። ህ.ግ. ውን በዚ ንቡር'ዚ ሃሊፉዩ። ንዕኡ ግን ናይ እስትራተጂ ሜላ ዳንበር ናይ መደምደምታ ስዕረት ኣይነበረን። ስለምንታይ ውሕሉል መሪሕነት ሳላ ዝነበሮ። ሕጂ'ውን እቲ ነቲ ጽንኩር መድረኽ ዝሓለፈ መሪሕነት ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ፡ ታሪኽ ህዝቢ'ዩ።**



**ውጺኢት ናይዚ እዚ ንርእዮ ዘሎና ፍረ እዩ። ካብ ተጋድሎ ናብ መንግስቲ። ካብ በረኻ ናብ ከተማ። ካብ ባርነት ናብ ነጻነት። ሃገር ዋናታታ ኣረጋጊጻ። ሕጅውን ዝፎቶ ይኹን ዝጸልኤ ሃገር ድሕነታ ዝሕሎ በቲ ትማሊ ሃገር ዘውሓሰ ምኳኑ ምእማን'ዩ።**



ተመልከቱ ኣብ ሞንጎ እዘን ክልተ ስእሊ




መንእሰይ ሰብዓታት ብሃገራዊ ፍቕሪ ልቡ ምሰንደደ ኣብ በረኻታት ኤርትራ ምሰያታቱ ብረት ኣልዒሉ መግዛእቲ ካብሱሩ ክምሑ፡ ወተሃደራዊ ታዕሊም እናወሰደ ከሎ። ገለ ጉቡኡ ፈጸሙ ክስዋእ እንከሎ፡ ገለ ሰንኪሉ፡ ገለ ገና ሃገር ንምህናጽ ይሰርሕ ኣሎ።

ናጽነት ዝሰርነቖም፡ መሳርሒ ጸላእቲ ነቲ ክንደይ ስንክልናን መስዋእትን ዝተኸፍሎ ቃልሲ ሓፋሽ ጽልዋ ገበነኛታት ዝሓደሮም፡ ሕንኽ ከይበሉ ጸረ ዓላማ ናይዞም መንእሰይ ሰብዓታትን፡ ጸረ ሓፋሽ ደው ክብሉ ክትርኢ ዘሕዝን።




ዓቢ ፍልልይ ብዕድመን ሃገራዊ ሓላፍነትንትን።





ካብ ምህሮስ ኣእምሮ። ዕሸል ህጻን ኣፍ ዘየጽረየት ነቲ ሓላፍነት ዝጎደሎ ዘይፍትሒ እገዳ ብዘገርም ስሚዒት ጅማውታ ክሳብ ዝግተር ብዓውታ ተቓውምኣ ኣብ ቅድሚ ዓለም ከተመስክር ከላ፡ ዲግርታት ይትረፍ ሃንቲ ባጀላ'ውን ኣወነነትን። ዕድመን ጥዕናን ይሃብኪ። ዘይ ሃስስ ታሪኽ ሰሪሓ እላ።

ሕቶ ነዞም ሙሁራትና።

ካብዛ ህጻን ቆልዓ ፊደል ዘይቆጸረት፡ ብስሚዒት ሃገር ጅማውታ ዝገተርት ጸረ እገዳ ድምጻ ዘነጸረት ዓለም ሙሉእ ተቓውሞኣ ዘመስከረት እንታይ ኮን ተማሂርኩም ትኾኑ? ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕለኹም ዝነበሮ እምንቶ ትሕቲ ዓቕሚ እዛ ህጻን ወሪዱ።



ሾኻትናን ኣቕሺሽትናን መባልዕትን መቓድስትን፡ ብሓባር ጸለይቲ። ኣሽሃት ዓመታት ዝወሰደ ሓድነት። ኣርባዕተ ሃይማኖት ሓደ እምነት። እምነት ሰላም፣ እምነት ፍቕሪ፣ ምስኩቡር ባህሊ። መንዩ ነዚ ሓድነት ክፍርስ ዝፍትን? ንሓይማኖት ከም ፖሎቲካዊ መሳርሒ ክጥቀመሉ ዝሓስብ ጉጅለ ንታሪኽን ሃድነት ህዝብናን ኣመጻጽኡን ዝዘንግዔ ጥራሕ'ዩ። መራሕቲ ሃይማኖትና ኣብ ዝገብሩዎ ህዝባዊ ሓድነት ጻምኦም ብኣምላኽ ይከፈልዎ። እቶም ብስም ሃይማኖት ዝሸቕጡ ህዝቢ ብዝግባእ ክነቕሓሎም ይግባእ። ፖሎቲካን

ሃይማኖትን ፈላሊኻ ምርኣዩ ኣገዳሲ እዩ። ሃይማኖታዊ እምነትና ንሰላምን ፍቕርን ዘቐድም ስለ ዝኾነ፡ ነቶም ብስም ሃይማኖት ተጎልቢቦም ሰላምና ክዘርጉ ዝጽዕሩ ክውገዙ ኣግባእ።


ሃይማኖትና መርኣያ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ፡፡ ንኣብነት ማርያም ዳዓሪት ኩሎም ምእመናን ኣርባዕቴን ሃይማኖት ዓመት መጸ ዘብዕልኣ። ሃይማኖት እምነት ዳምበር መፍለዪ መስመር ኣህዛብ ኣይኮነን። በዚ መሰረት ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖቱ ብዘየገድስ ነተን ኩቡራት ባዓላታትና ሃይማኖታውያን ይኹና ህዝባውያን ብሲኒትን ሃድነትን ዘብዕለን።



ወጊድ ተጸባይነት። ብጽፍርና ነልምዕ ሃገርና። ሃቡኒ ህበይ ይገብር። እንኳንዶ ኣብ ግዜ ሰላም ኣብቲ ጽንኩር መድረኽ ሃቡና ኣይበልናን። ልምድና'ውን ኣይኮነን። ተጸባይነት ሓንጎልካ ኣደንዚዙ፡ ዓይኒኻ ኣፍዚዙ ኣእዳውካ ኣሲሩ፡ ኣእጋርካ ቀይዱ ዓዲ ውዕል ስለ ዝገብር ። ብዓቢኡ ከኣ ሙሩኽ ገበቲ ስለ ዝገብር። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ሙርኮኛ ሃቡኒ ኮይኑ ኣይፈልጥን። ሓለይቲ መሰሎም ብትኳቦ ክፈላልዩና ዝፍትኑ ኣቐዲሞም ታሪኽና እመሃሩ። ሽርክነታዊ ሓገዝ ኣይንጸልእን፡ ዝበልናካ ኹን ግን ኣይባህልናን። ሓድነትና ዓቒብና እንተድኣ ሰሪሕና ሰብ ከማና'ዮም እቶም ክንቶኽበልኩም ዝብሉ። ከምኦም ዘይንኾነሉ ምኽንያት የለን። ነዚ ብሓደ ክልተ ዝርኤ ዘሎ ተንበርካኽነት ሓቢርና ንመክቶ።


ህዝቢ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ኣምሃደርቱ ክመርጽ ከሎ። በብዓዱ ከመሓዱሩኒ ይኽእሉ'ዮም ዝበሎም ኣማሓደርቲ ይመርጽ። ቁዋም ክህሉ ዝጸልእ ኤርትራዊ የልን። ቁዋም ክህሉ ካብ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዝደልዮ የሎን። ስለምታይ ኣይሃለወን ንማንም ኤርትራዊ ዝተሰወረ ኣይኮነን። ቁዋም ንረብሓ ወልቀሰባት ዝኾውም ኣይኮነን። ወይ ውልቀሰባት ጫውጫው ስለ ዘበልሉ ዝኾውም'ውን ኣይኮነን። ግዜ ኩነታትን ከፍቅድ ኣሎዎ። ኣብ ሃገርና ብሰንኪ ቁዋም ዘይምህላዉ ዝተረፈ ጉዳይ የልቦን። እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ መሰል ደሞክራሲ የረጋግጾ።




መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ኩሉ ወዲ ሃገር ካብ ዕድሚኡ ንትምህርቲ ዝበጽሐ ክሳብ ክመሃር ዕድሚኡ ዘፍቅደሉ ሽማግለ፡ ጾታ ብዘይ ምፍላይ ዘሳትፍ እዩ። ስለ ዝኾነ ሎሚ ኣብ ሃገርና ኩሉ ዜጋ ዓዓቕሙ ፍልጠት ወኒኑ ይርከብ። ኣምብበለይ ምባል ተሪፉ። ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ውሑዳት ሃገራት ኣብ ዓለም ንህዝባ ነጻ ትምህርቲ እተበርከት ሃገር እያ። ተማሃራይ ተማሂሩ ፍልጠቱ ንረብሕኡን ረብሓ ቤተሰቡን ብዓቢኡ ከኣ ንረብሓ ሃገሩ ከውዕሎ ይጥለብ። ኣብ ዝምረቐሉ ዕለት'ውን ሃገርን ህዝብን ከገልግል'ዩ ዝምሕል። ሓደ ክልተ ግን ንዝማሓሉዎ ማሕላ ጠሊሞም ጸረ እቲ ዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ክቋወሙ ይርከቡ። ኣብ ኣእሙሩኦም ዘይሕከኽ ቅሳነት ዝኸልእ ሓሳብ ከምዘሎ ዘየጠራጥር እዩ። ዳግም ክሓስብሉን ክናስሕሉን በዚ ኣጋጣሚ ማዕዳይ ይልግስ።

ሕክምና፡ ሎሚ ኣብ ኤርትራ መደበር ጥዕና ዘይተሃንጸሉ ዞባ፡ ምምሕዳራት ወይ'ውን ዓዲ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይከኣልን። ክሳብ እቲ ርሑቕ ገጠራት ከይተረፈ መደበር ጥዕና ተዋዲዱሉ ይርከብ። ሎሚ ኣብ ሃገር ብሰንኪ ኣገልግሎት ጥዕና ትሓልፍ ትንፋስ የላን። ዕድመን ጥዕናን ነቶም ኣብ ማሕላኦም ጸኒዖም ዘገልግሉ ዘለዉ ኩሎም ናይ ጥዕና ሞያውያን። እዚ ካብ ብዙሕ ገለ ህንጻታት ጥዕና እዩ። ምስ ከጋጥም ዝኽእል ሕጽረታት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ሂወት ህዝብና ኣብ ምውሓስ ዘበርክትዎ ዘለዉ እጃም ብሓቂ ዝነኣድ እዩ። ግን ዝረኸቦ ኣቃለሎ ከምዝበሃል ገለ ሰባት ነቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝነበረ ሽግር ረሲዖም ካብ ምምራር ኣይተሓየቡን። ኮምኡ ክገብሩ ዝደፋፍኡ'ውን ኣይተሳእኑን። መንግስቲ ብኹሉ ዓቕምታቱ ህዝቢ ናይ ኩሉ ጸጋታት ተኻፋሊ ንምኳ ጻዕርታቱ ኣየቋረጸን። ኣይከቋርጽን ከኣ'ዩ። ምኽንያቱ ሃገርን ህዝብን ካብ ኩሉ ጸገማት ንምንጋፍ መሰረታዊ መትከሉ ስለ ዝኾነ። ኣብዚ ህዝቢ ነዞም ሰሶሉኾም ሕማቕ ነገራት ዝነዝሑ ዘለዉ ብዘይ ነሓፍነት ክምክቶምን ከቃሎዖምን ይግባእ። ከምቲ ኣብ ግዜ ገድሊ ብሙሉእ ሓሳባት ሓደ ኮይንና ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ጸላእትና መኪትና ዝተዓወትና፡ ሕጂውን እቲ ዝነበረ ተሪር ሓድነት ኣብ ቦታኡ ክምለስ እለዎ። ጉቡእካ እናገበርካ ሃገር ዘየዕኑን ህዝቢ ዘይበታትንን ሃናጺ ሃሳባትን ተቋውሞን ኩሉ ግዜ ተመራጺእዩ።

ፍልፍል ሶሎሙና።　　　　　　　　　　　　　　　　　ባጽዕ መዕርፎ ነፈርቲ።

ትሕተ ቅርጺ፡ ምስ ኩሉ ተጻብኦታት መንግስትን ህዝብን ካብ መደባቱ ምትግባር ፈልከት ኣይበለን። ብውሽጣዊ ዓቕምታት ዝተሃንጹ መራኸቢ መጎዓዝያትት (ጽርግያታት) ንፈተውትን ጸላእትን ዘገረመ ስርሓት እዩ ትፈጺሙ ዘሎ። ቀደም ኣቦታትና ንጣልያን የደንቁ ኔይሮም ጉልቦቶም ተጠቒሙ ሽጊሩኒ ምስ ተሰርሔ።

ሎሚ ኸኣ ጥልያን ይግረሙ ኣለዉ ፍልፍል ሶሎሙና (ሃምላይ ቓናታት) ብኤርትራዊ ዓቕሚ ምስ ተሰርሔ። ገዛእትና ነበር ንብውሽጣዊ ዓቕምና ዝተፈጸሙ ስራሓት ክድነቑሎም ከለዉ፡ ሃሱሳት ደቂ ሃገር ኣብ ዝሓከሉ ሓኪሎም ሃገር መንግስቱ ምሓሻ ይብሉ። ነቶም ንግዝኣት መንግስቱ ብዕድመ ዘየርከቡሉ መንእሰያት ኣብ ምትላል ተዋፊሮም ይርከቡ። ማዕዳይ ንመንእሰያት ግደፉ ብሰብ ጸሊም ታሪኽ ኣይትደናገሩ። ታሪኽ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራን ጉዕዞ ሰውራ ኤርትራን ኣናጻጺርኩም ኣንብብዎ።

ብወገን ዘመናዊ ሕርሻ እንተተመልኪትና'ውን ብሰንኪ እከይ ወራር ጃንዳን መወልታን ኣብ ክንበጽሖ ዝሓሰብና ኣይንብጻሕ እንበር፡ ካብ ድልየትናስ ኣቋረጽናን። እዚ ንምልከቶ ዘሎና ስእልታት ገለ ካብቲ ብዙሕ ኮይኑ ብምዕቡል ኣገባብ ዝስራሓሉ ዘሎ እዩ። ብመሰረት መትከላዊ እምንቶ መንግስትና፡ ህዝብና ውሕስነት መግቡ ንምርግጋጽ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብማሕበራዊ ወይ ብኑኡስ ወፈራዊ ኣግባብ ዝካየድ ሕርሻታት ኣብ ኩሉ ክፋል ሃገር ተዘርጊሑ ይርከብ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪ ብጥሜት ተጠቒዔን ንዓለም ሩድኡና እናበላ ክልምና ከለዋ መንግስቲ ኤርትራ ግን ሕማቕ ግዜ ክህሉ ከምዝኽእል ስለ ዝገመተ ኣቐዲሙ ተዳልዩሉ ጸኒሑ። ነተን ክልሙኑ እዮም ኢለን ክቋሙታ ዝጸንሓ ኣዒንቲ ሓሳዳት ከም ብበርበረ ዝገጨብካዮ ዓይኒ ኮይነን ተሪፈን። መንግስቲ ዓቢ ክፋል ናይ ባጀቱ ኣብ ሕርሻዊ መደባት ብምውፋር ንጠለባት መግቢ ከማልእ ዘይሕለል ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ይርክርብ።





ህዝቢ ኣብ ገለ ማዓልታት ኣብ ገለውን ሰዓታት ዝወስደሉ ዝነበር ጉዕዞ፡ ሎሚ ኩሉ ሓንቂቑ ብእግሪ ዝጎዓዝ የለን። ሳላ እቲ ነብሱ ኣሕሲሙ ለይትን ማዓልትን ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ዝርከብ መሪሕነትን ጅግና ሰራዊትን ህዝብና ካብ ናብ ብዘይ ስክፍታን ብዝሓሰረ ዋጋን ብዝበለጸ መጎዓዚያታት ብዝሓጸረ ግዜን ኣብ ዝደለዮ ቦታ ይበጽሕ ኣሎ። ንእብነት ኣብ ዝሓለፈ መጨረስታ 2015 ዝኣተዋ ዝተፋላለያ ማሺነርታት ናይ መንግስትን ምክልኻል ሓይልታትናን ጽቡቕ መርኣያ እዩ። ነቶም እንትርፎ ጸለመ ካልእ ዘይፈልጡ ጽቡቕ ግብረመልሲ እዩ።



ውሽጣዊ ሃብቲ መረትና ዋናታቱ ምኳና ካብ ዘረጋገጽናሉ እዋን መዓስ ብኸመይ ኣገባብን እዋንን ንጥቀመሉ ድሕሪ ዝተገብረ ነዊሕን ቁርጡው መጽናዕትን ስርሑ ካብ ዝጅምር ግዜ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ንጸላኣትና ሕማም ሾሮክ ኣትሒዙዎም እዩ። ሎሚ ሳላ ብትዕግስትን ዓሙቕ መጽናዕትን ዘካየድና ብነቕ ዘይብል ተበግሶ ምስ መሻርኽታ ጉዕዞ ስራሕ ማዕድናትና ነሳላስል ኣሎና። ኣዛ እደታትና ወርቀን ሽይጠን ዝተቓለሳላ ሃገር፡ ሎሚ ወርቂ ይሕፈሳ እሎ። ዓቢ ክብሪ ነተን ሽልማትይ ሓገርይ ኢለን ሽልማተን ቀንጢጠን ህገር ዝሸለማ ሓርበኛታት ኤርትራውያን ኣደታት።

ቲቪ ኤረ (ERI-TV): ብዘይብኣ እንታይ ምኾና። ገለና መቸስ ከም ቀደምና፡ ማለት ቅድሚ ምህላዋ ንብል ንኸውን። ጌጋ ዝብል መልሲ ኣሎኒ። ምኽንያቱ ቀደም እቲ መንፈስ ሓደ'ዩ ነይሩ። ጸላእትና ነዚ ሎሚ በጺሕናዮ ዘሎና ደረጃ ምዕባለ ንበጽሖ እመስሎም ኣይነበረን። ሓቂ ይሓይሽ ንሕናውን ኤርትራ ብዝወለደቶም ትድፈር ዝብል ሓሳብ ዳርጋ ኣይነበረናንን። ኤረ-ቲቪ ድሓን ትእቶ ውሽጥን ደገን ዝነብር ህዝባ ኣራኺባቶ። ሓቅን ሓሶትን ፈላልያቶ። ጅግናን ከዳዕን መምያቶ። ተግባርን ሓሶትን ኣጋሊጻቶ፡ ደኺሙ ዝዋዓለ ሓንጎል ኣባራቢራቶ፡ ደስኪሉ ዝጸንሔ'ውን ኣተሰአቶ። ሳላኣ ቃልስና ቅኑዕ ማኣዝኑ ንክሕዝ ዓቢ ኣብርክቶ ትህብ ኣላ። ነቲ ኣለካ ለኽዓካ ዝብል ሓሶት ወረ ዘውሪ፡ ዋላኳ ባህርያቱ ኮይኑ እንተዘተኣረመ ከም ቀደሙ ፈዛዕዛዕ ምባል ግን ዓጊታቶ'ያ። ምስጋና ንኹሉኹም ኣባላት ዜና ስለ'ቲ ህርኩትን ጽፉፍን መደባትኩም።





ኣኽላባት ዝነብሑ እንተነብሑ ንጉዕዞ ገመል ክዓግቱ ዘይሕለም ነገርዩ። ገመል ትዕግስቲ ዝሰፈኖ በዓል ዓቢ ልቦና ጽምእን ጥሜትን ተጻዋራይ ብመንባሕቲ ኣኽላባት ማኣዝኑ ዘይቅይር ንዝተሰከሞ ጾር ብህድኣት ኣብ ቦታኡ ከየብጽሔ ኣይግታእን።

# ኣኽላባት ይንብሑ ፡ ገመል ጉዕዙኡ ይቕጽል።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር